# ኣብ መላእ ዓለም ንእትርከቡ ሙሁራን ተጋሩን
# <u>መዳርግቲ ኣካላትን ዝቐረበ ፃዊዒት</u>
# (Call to All Tigraian Scholars and Potential Stake Holders)

## **ዋኒኑ**:ቕድመ ምድላዉ ዓብይ ኮንፈረንስ ትግራይ-2010 ዓ.ም ኣብ ትግራይ ይምልከት
## (Tigrai Grand Conference-2018 in Tigrai)

ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ሙሁራን ትግራይ (Global Society of Tigraian Scholars-GSTS) ኣብ ትግራይ ብዓይነቱን ብትሕዝትኡን ፈላማይ ዝኮነ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ሙሁራን ትግራይን መዳርግቲ ኣካላትን ዝዋስእሉ "**Quo Vadis Tigrai: Quad-helix as a vehicle of transformative and knowledge-driven development**" ብዝብል ቴማ ዓብይ ኮንፈረንስ ንምክያድ ብርክት ዝበሉ ሙሁራን ዝተሳተፉሉ መበገሲ ፅሑፍ (Concept Note) ንብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ምቕራቡ ይዝከር። ናይዚ ዓብይ ኮንፈረንስ ዓላማ ብሓፈሽኡ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከብ ሙሁር ትግራዋይ ናብ ሓደ መድረኽ ብምምፃእ ኣብ ኩነታት ክልሉ ዓብይ ግንዛበ ክህልዎን ክመክርን ምግባር፣ ናይ ቴክኖሎጂን ፍልጠትን ስግግር (technology/knowledge transfer) ምቕልጣፍ፣ ብሉፃት ተሞክሮታት ኣብ ምትእትታዉ (Learning and success stories and experiences)፣ ኣብ ምጥንካር ትካላዊን ስብኣዊን ዓቕሚ (Capacity building)፣ ምጥንኻር ትካልዊ ርክባት (Institutional partnership)፣ ኮታስ ኩሉ በቢዓቕሙ ክልልናን ህዝብናን ኢሉ እዉን ሃገርና ዝንሕግዘሉ መሰረት ዛንፅፍ መድረኽ እዩ። መንግስቲ ትግራይ ብወገኑ ነዚ ኩለንተናዊ ኮንፈረንስ ንምትእንጋድ ሕጉሱን ድልዉን ምኻኑን ንቕድሚት ድማ ክንስጉም ከም ዘለና ብዕለት 16/06/2017 ብወድዓዊ ደብዳቤ ኣፍሊጡ ኣሎ። እዚ መሰረት ብምግባር ድማ ኣብዚ ሕዚ ትሕዝቶ ናይ ኮንፈረስ ፅሑፋት ምፅራሕ (Conference tracks and sectoral/thematic areas)፣ ምምስራት advisory boardን scientific committeeን ተዛመድቲ ስራሕትን ኣብ ምስላጥ ይርከብ፣ ንዝርዝር ትሕዝቶን ተዛማድቲ ሓበሬታን ነዛ ተተሓሒዛ ዘላ መባእታዊት መበገሲ ፅሑፉ ይመልከቱ።

ስለ ዝኮነ ድማ ከም ቅድመ ምድላዉ እቲ ኮንፈረንስ እዘን ሲዒበን ዘለዋ ነጥብታት ክናስታዉሰኩም ንደሊ

- እቲ ኮንፈረንስ ምስ ፌስቲቫል ዲያስፖራ ተጋሩ ኣብ ትግራይ ተተሓሒዙ ኣብ ሓምለ/ነሓሰ 2018 ዝካየድ ስለ ዝኮነ ኩሉ ትግራዋይ ካብ ብሕዚ ጀሚሩ ኣብ ፕሮግራሙ ካስፍሮ ናተሓሳስብ።
- እስካብ ሕዚ ኣብ ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ሙሁራን ትግራይ ዳታ ቤዝ ዘይኣተዉኩም ካብ ብሕዚኡ ብሓባር ምድላዋት ንምክያድ ብ gsts.tigrayconferences@gmail.com ክትፅሕፉልና ወይ ድማ ብhttps://docs.google.com/forms/d/10ywiHntlQs9Tn6iBoJU5zi1ZboZXreWREV6Jz8lWb_M/edit ኣቢልኩም ክትምስገቡ ንላቦ።

**GSTS conference committee**
**<u>July 05, 2017</u>**